# ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ሱዳን
# ኤርትራ፣ ጠንቂ ምድንጓይ ልዝብ ምኳና ኣሚቱ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
23.03.2006

ሚኒስተር ወጻይ ጕዳያት ሱዳን፡ ላም ኣኮል፡ ኣብ መንገዖ መንግስትን ተቓወምቲ ውድባት ምብራቕ ሱዳንን፡ ልዝብ ከይካየድ ዝዕንቅጽ ዘሎ መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ኢሉ። ንመንገዖኘነት ብዝምልከት ኤርትራን ሱዳንን እተፈላለየ ተረዳኦ ከምዘለወን ኣሚቱ። ኤርትራ መንገዖኛ ንእትብሎ፡ ሱዳን ግን መሳለጢ (facilitator) ዝብል ትርጕም ኢያ እትህቦ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ፡ ኣብ'ዚ ጕዳይ'ዚ ተራ ክህልዋ ትደሊ ኢሉ።

ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳይ ሱዳን፡ ምስ ጋዜጣ ኣሸርቕ ኣልኣውሰጥ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት ኢዩ ነዚ መግለጺ'ዚ ዝሃበ። ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልራኢ ኣልዓም ድማ፡ ኣብ ናይ 22 መጋቢት 2006 ሕታማ ኣውጺኣቶ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት'ዚ፡ ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራ ሱዳንን ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፡ ምስ'ቲ ቅድም ክብል ኣብ መንገዖ ክልቲኡ ሸነካት ዝጸንሐ ሓርፋፍ ዝምድና ብምንጽጻር፡ ኣብ ባህርያዊ ቦታኡ ክምለስ ኣይክእልን ኢዩ ኢሉ። ምልስ ኢሉ ግን፡ ክልቲኡ ሸነኻት ናይ ሓባር ፖለቲካዊት ሽማግለ ኣቑሙ ምህላዉን፤ እታ ሽማግለ፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየደቶ ኣኼባ፡ ነቲ ዝምድናታት ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ባይታ ንምፍጣር ዘኽእል ትልምታት ከምዝገበረት ሓቢሩ። ኣብ ውሽጢ እዚ ዓመት'ዚ፡ እታ ሽማግለ፡ ኣብ ካርቱም ኣኼባ ክትገብር ትጽቢት ከምዘሎ ውን ሓቢሩ። ምናልባት ውን፡ ክልቲኦን ሃገራት ኣምባሳደራተን ክልቲኡ ርእሰ- ከተማታት ክምድባ ተኽእሎታት ኣሎ ኢሉ።